ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዝተፈላለዩ ናውቲ (ፕላምፕለትን መድሃኒትን) ብ FSR ናብ ከተማ ኣክሱም ከጓዓዕዝ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ የካቲት 17, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 19, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 19, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መኪና ክራይ/

ምልክታ ፕሮፎርማ

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዝተፈላለዩ ናውቲ (ፕላምፕለትን መድሃኒትን) ብ FSR ናብ ከተማ ኣክሱም ከጓዓዕዝ ይደሊ። ዝለዝኾነ ድማ FSR ዘለኩምን ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡን ዝምልከተኩም ተወዳደርቲ ንክትሳተፉ ይዕድም።

1. ናይ 2017 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ስራሕ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፣

2. መለለዪ ንግዲ ፍቓድ (Tin Number) ምስ ንግዲ ፍቓድ ፎቶ ኮፒ፣

3. ቫት ወይ IOI ተመዝገብቲ (እንተኾይኖም) ዝተመዝገብሉ መረዳእታ ናይ ወርሒ ጥሪ 2017 ዓ.ም ዲክላራስዮን ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

4. ዝተሓደሰ ምዝገባ መቕረባይነት 2017 ዓ.ም ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

5. ተኽታታሊ ቐፅሪ ዘለዎ ቅብሊት (ደረሰኝ) ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

6. ካብ እስፐሲፍኬሽን ወፃኢ ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን፣

7. እዚ ፕሮፎርማ ስዒርካ ምስተብሃለ መፀዋዕታ ኣብ ዝተገበረሉ እዋን ውዕሊ ብምእሳር ክፅዕን ዝኽእል። መፀዋዕታ ተገይርሉ ብእዋኑ ክቕርብ ዘይኽእል ካብ ውድድር ወፃኢ ብምግባር ቤት ፅሕፈትና ካልእ መማረፂ ይጥቀም።

8. እቲ ዋጋve ክምላእ ከሎ ምስ ቫቱ ምኺኑን ዘይምኺኑን ብንፁር ክቕመጥ ኣለዎ። ብንፁር እንተዘይተፈሊጡ ምስ ቫቱ ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር።

9. ኣብቲ ናይ ፕሮፎርማ ሰነድ ሙሉእ ሽምን ማህተምን እቲ ትካል ክጥቀስ ይግባእ፣

10. ማ.ል.ት እቲ ፕሮፎርማ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ፣

11. እዚ ፕሮፎርማ ዕለት 19/06/2017 ዓ.ም ሰዓት 4፡00 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ት ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle